*ካልኣይ ቅሉዕ ደብዳበ ናብ ክቡር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ረፓብሊካዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ።*

*ዝኸበርካ ዶክተር ኣብይ፡*

*ብዕለት 5 ሰነ 2018፡ ነዚ ብኣኻን በቲ ብመንግስትኻን ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝቐረበ ንብይን ኣልጀርስ ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነት ተቐቢሉ ከፍጽም ድልውነቱ ዘረጋገጸ ናይ ሰላም ጻውዒት ኣመልኪትና ኣብቲ እዋን ዝተሰመዓና ባህታን እቲ ጻውዒት ሰላም ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ክወሃቦ ብዘዕባ ዝኽእል እወንታዊ ወይ ውን ኣሉታዊ ምላሽ ብዝምልከት ዘለና ስክፍታታት ብንጹር ክንገልጽ ፈቲንና ኔርና። እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ሰላም፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝገመትናዮ፡ ብወገን ኤርትራ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተሰዊሩ፡ ብገለ ውሑዳት ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኤርትራን፡ ብቐንዱ ድማ ብኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ድልየትን ፋሉላዊ ዕንደራን ጥራይ ይፍጸም ብምህላዉ ድማ፡ ፍርህናን ስክፍታናን ካብ ባዶ ዝመንጨወ ዘይኮነስ ኣብ ዱልዱል መርትዖ ዝተሰረተ ብቑዕ ምኽንያት ከም ዝነበረ ዝያዳ ጋህዲ ኮይኑልና ኣሎ።*

*ዘይከምቲ ላእለዎት ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ መገሻ ክፍጽሙ ከለዉ ብመንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ዝተገብረሎም ዉዕዉዕ ኣቀባብላ፡ ጉጅለ ልኡኽ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ክገብሮ ወጢኑ ዘሎ መገሻ፡ ምስቶም ሃገራዊ ውሳኔታት ክህቡ ትጽቢት ዝግበረሎም ኣካላት ማለት፥ ርክብ ምስ ኣባላት ባይቶን ሚኒስቴራትን፡ ሃለፍቲ ሞያውያን ማሕበራትን መሰል ሰብኣውያን ተጣበቕትን ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ሃልዩዎም ኣብ ምሕደራ ሃገርን ህዝብን ጸላዊ ተራ ዘለዎም ፖለቲካውያን ውዳበታትን ብነጻነት ሃሳቦም ዝገልጹ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣይክትራከቡን ኢኹም። ምኽንያቱ፡ ባህሪ መንግስቲ ኤርትራ ከምዚኦም ድኣመሰሉ ሃገራውያን ትካላትን ውዳበታትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ክዕንብቡን ኣብ ዕብየት ኤርትራ እወንታዊ ኣበርክቶ ክህልዎም ስለ ዘይፈቅድ እዩ።*

*እወ፡ ምስ ሓደ ዘይቅዋማዊ፡ ስሩዕ ሓጋጊ፥ ፈጻሚን ፈራዲን ኣካላት ምስ ዘይርከቦ ቅርጻ መንግስቲ ዝግበሩ ውዕላትን ስምምዓትን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን መዐቀኒታት ሕጋዊ ተቐባልነት ክህሉዎም ከም ዘይክእሉ፡ ካባኻን ካብ ኩሎም ናይ ስራሕ ብጾትካን ዝኽወል ሓቂ ኣይመስለናን። ስለዚ ምስሓደ ንህዝቢ ወኪሉ ውዕላትን ስምምዓትን ከጽድቕ ዝኾነ ፖለቲካዊ፡ ሰብኣውን ሞራላዊ ብቕዓትን ምስ ዘይብሉ ፋሉላዊ ጉጅለ ግዜኻ ምብኻን፡ ካብ ህውተታ ሓሊፉ ኣብ ምምስራት ዱልዱልን ውሑስን ዝምድናን*

ዕርቕን ክልተ ህዝቢታት ከምጸኦ ዝኽእል ቀጻልነት ዘለዎ ትስፉው ለውጥን ክህሉ ከም ዘይክእል፡ ብኣግኡ ክትርደኣልና ንደሊ።

ስለ ዝኾነ፡ ሓቖኛን ነባሪ ፍታሕን ኣብ ምምዕርራይ ዝምድና ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክረጋገጽ እንተድኣ ተደልዩ፡ ምስቶም ሓሳቦምን ራኢኦምን ብነጻነት ክገልጹ ጸገም ዘይብሎም ኣብ ግዳም ዝነብሩ ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ብመንገዲ ጥርናፈታቶምን መራሕቶምን ርክብ ክግበር ኣጥቢቕና ንላቦ።

ንዓና ንኤርትራውያን ጉዳይ ዶብ ኣዝዩ ዘገድሰናን ከም ሃገር ክንክበር ዝገብረናን ምኳኑ ገና ብዓንተቦኡ ስለ ዝተረዳእና ኢና ዶባትን ሉኣላዊ ግዝኣታት ኤርትራን ንምኽባር ንኣስታት 32 ዓመታት ሂወትና፣ ኣካላትናን ንብረትናን ነዛ ፍትውቲ ሃገር፡ ሃገረ ኤርትራን ንነጻነትን ሓርነትን ሉኣላዊ ግዝኣታታ ዝተጋደልናን ዝወደቕናን። ምእንቲ እዚ፡ ንዓና ንኤርትራውያን፡ ዶብ ማለት ትንፋስ እምበር ከም ኣርቲፊሻል ዝግለጽ ደረት ኣልቦ በረኻ ኣይኮነን።

ሃገርና ኤርትራ፡ ማዕረ እተን ኩለን መዛኑኣ ሃገራት፡ ዝተኸብረን ዝተሓፍረን መርየታዊ፡ ሰማያዊን ማያዊን ዶባት ኣለዋ እሞ፡ ዶባታ ናይ ምውሓስን ናይ ምሕላውን ሓላፍነት ድማ ብቐንዱ ንህዝባ ዝግደፍ ብምዃኑ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ቀጻሊ ሰላምን ቅሳነትን ኣብዞም ክልተ ህዝብታት ክነግስ ሓቀኛ ድልየት እንተድኣ ሃልዩዎ፡ ነዚ ብሰንኪ ዶብ ዝመጸ ኲናትን ወረ ኲናትን ሃንሳብን ንሓዋሩን ብወግዒ ደው ኣቢሉ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ነቲብመሰረት ውዕል ኣልጀርስ ዝተዋህበ ብይን ክትግብርን ቀዳምነት ሂቡ ክዓየሉን ይግባእ ንብል።

ብተወሳኺ፡ ከምቲ ኣብቲ ቀዳማይ ቅሉዕ ደብዳቤና ዝሓተትናዮ፡ መንግስታትን መራሕትን ሓለፍቲ፡ ሃገራትን ህዝቢታትን ድማ ነበርቲ እዮም እሞ፡

1. ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ህዝቢ ኢትዮጵያ ንህዝቦም ዝጥምቱን ብህዝቦም ዝግደሱን መራሕቲ ገና ኣይዓደሎን። ምእንቲ እዚ፡ ዝበዝሐ ክፋል ካብ ሕብረተሰብ ንሃለዋቱ ኣብ ዘይፍለጠሉ፡ ብግፍዓዊ ጭካነ ዝቐተለሉ፣ ዝግረፈሉ፣ ኣብ ፈቖዶ ሹርጓና ዝእሰረሉ፣ ኣብፈቖዶ ሃገራት ዓለምና ፋሕ ብትን ዝበለሉን ዝተሰደሉን ኣብ ፈቖዶ በረኻታት ቀለብ ኣሞራ ዝኾነሉን ኣብ ማያት ድራር ዓሳ ክኸውን ዝተፈርደሉን፣ ኣዋልድና ብዘይፍቓደንን ድልየተንን ዝዕመጻሉን ኣብ እህህታን ስነ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ዝነብራሉን፣ ሰበይቲ ብዘይ ሰብኣይ፣ ሰብኣይ'ውን ብዘይ ሰበይቲ ኣብ ዝተፈላለዩሉን፣ ውሉድ ድሃይ ወላዲ ክገብር ኣብዘይፍቐደሉን ወላዲ'ውን ተስፋን ድሃይን ውላዱ ጠፊኡዎ ዝርንዝሕ ኣብ ዝነብዓሉን፣ ኣረጋውያንና ኣላዩን ጠዋሪን ስኢኖም ብጥምየት፣ ብጽምኢ፣ ብዕርቃን ኣብ ዝሳቐዩሉን ምስ ክቱር ናፍቖቶም ኣብ ዕጹው ገዛ ዝሞቱሉን

ሑመት ኢና እንርከብ ዘለና። ስለዚ፡ ንዓና ቅዱስ የውሃንስ ኮነ መስቀል ሎሚ ኣይንታይናን እዩ። ኣብ መዋእል ሓዘን እምበር ኣብ መዋእል ፍስሃ'ውን ስለ ዘየለና፡ ከምቲ ንፈስታን ደስታን ድሉው ኮይኑ ዘሎ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክንከውን ገና ኣይበቓዕናን እሞ ኣብ ክንዲ ንሕዙን መንፈስ ብዳንኬራን ብጨፈራን ጌርካ ኣብ በዓል መስቀል ንህዝብና ምህዋጽ፡ ብመሰረት ብይን ውዕል ኣልጀርስ ዶባትና ንኽሕንጸጽ ቀዳምነት ሂብኩም እንተትጓዩሉ፡ ህዝብና ከም ናይ ሓዘኑ ደበስቲ ጌሩ ምረኣየኩም።

2. ከምቲ ኣብ ላዕሊ ክብ ኢልና ዝገለጽናዮ፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ስርዓት፡ብድልየትን ባርኾትን ገዛእ ህዝቡ ናብ ስልጣን ዘይመጸ ብምዃኑ፡ ስልጣኑ ካብ ኢዱ ሸተት ከይትብሎ ጥራይ ካብዝብል ከንቱ ስግኣት፡ ኣብ መላእ ሕዝቢ ኤርትራ ናይ ራዕድን ሽበራን ምሕደራ ስለ ዘተኣታተወ፡ ደቂ ሃገር ብሰንኪ ኢቲ በዚ መላኺ ስርዓት ዝወረዶም ኣደራዕ ከይፈተዉ ንዝብህጉዋ ሃገሮም ራሕሪሖም ናብ ፈቐድኡ ሃጽ ኢሎም ንኽነብሩን ክስደዱን ተገዲዶም ኣለዉ። ስለ ዝኾነ ድማ ሎሚ ትሕቲ ዕድመ፣ ኣረጋውያን፣ ጥርኑፋት በተሰባት፣ ሰንኩላንን ደቀንስትዮን ዝርከቡዎም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኩለን እተን ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝርከባ መዓስከራት ስደተኛታት ከርፋሕ ናብራ የሕልፉ ኣለዉ።

ሰላም ከም ስማ ጽብቕትን ተበሃጊትን እኳ እንተኾነት፡ እዚ ዝዕየየሉ ዘሎ መስርሕ ሰላም ምስ መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ምስቲ ሓላፍነት ሃገርን ህዝብን ዘይስምዖ ግፍዓዊን መላኺን ስርዓት ይግበር ብምህላዉ፡ ኣብ ኩለን መዓስከራት ስደተኛታትን ከተማታትን ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድሕነትን ህላወን መጻኢኦም ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ሰላም ዝነበሮም ቅሳነትን ሩፍታን ከም ዝርሕቕ ጌሩዎ ምህላዉን ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ዘይ ውሑስ ቀጻልነትን ዓቕሊ ጽበትን ይርከቡ ምህላዎም ክንሕብረካ ንፈቱ። ምእንቲ እዚ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ድሕነትን ህላወን ናይ ኩሎም ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክከታተልን፡ እንተተኺኢሉ ውን መንፈሳዊ ዕረፍቲ ንኽረኽቡ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ምርግገኦም መደባት ክሰርዑን ብዑቱብ ክከታተሉዎንም ውሑስ ሂወት ንኽሕልፉ ኣድላዪ ዘበለ ኩሉ ብምግባር ክተሓጋገዞምምን ደጊምና ንምሕጸን።

ቀጻልነት ዘለዎን ነባርን ሰላም ንምርግጋጽ ዝከኣል ምስ ብህዝቡ ልዑል እምነት ዝተነብረሉ፣ ብሕግን ቕዋምን ዝምራሕ ስለ ህዝቡ ወትሩ ዝሓስብን ዝሓልን ብዘመናዊ ኣዕኑድ ዝቖመ ቅርጺ መንግስቲ ዝውንንን ህዝባዊ ተሓታትነት ምስ ዝስመዖ ኣካል ብምዝታይ እምበር፡ ምስ ልዕሊ ሕጊ እየ ኢሉ ንነብሱ ዘተዓባቢ ባርባራዊ መላኽን ህልኸኛኝ ቂመኛን ቀጻልነት ዘለዎ ሰላም ንምርግጋጽ ከቶ ከም ዘይከኣል ደጊምና ነስምረሉ።

ኤልሳ ጭሩም፡

ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ

ለንደን፡

ዓዲ ኢንግሊዝ።ልጽ ደብዳቤ ለክቡር ዶ/ር አብይ አህመድ

የኢትዮጵያ ፌደራል መንግስት ጠቅላይ ሚንስትር

አስቀድመን በመላው ኢትዮጵያ ሰላምና መረጋጋት እንዲሰፍን ሳይሰለች እየሰራ ያለውን፡ ባንተ የሚመራ መንግስት ለኢህአዴግና ለፓርላማው ያለን አድናቆት እንገልጻለን።

የተከበርክ ጠቅላይ ሚኒስተር፡

ኣንተና ኣንተ የምትመራው መንግስት፡ ሰላም ከኢትዮጵያ ህዝብ ጋር ብቻ ሳይሆን፡ ከሁሉም ጎረቤት ሃገሮች ጋር የሰላም መስፈንና ኣስፈላጊነት ሊኖረው የሚችል ጥቅም በመረዳት፡ በአለፉት 20 ዓመታት የኤርትራና የኢትዮጵያ ሕዝቦች ከመለያየት ኣልፎ፡ ባልሆነና እና ያለ በቂ ምክንያት ብዙ ደም ያፋሰሰው የድንበር ግጭት፡ ሚያዚያ 13/ 2002: በኣልጀርስ የተበየነው የመጨረሻውና ቀያዥ ብይን፡ ኢትዮጵይ ያለ ቅድመ ሁኔታ ተቐብላ እተግባር ላይ ለማዋል ዝግዡ መሆኗን በመግለጽ፡ በተመሳሳይ ኣወንታዊ መልስ ከኤርትራ ህዝብና መንግስት በመጠበቅ ላይ መሆንዋን ኣንተ በሰጠህው መግለጫ መሰረት፡ በውጭ ሃገርና ብኣገር ውስጥ የሚኙኝ የኤርትራ ህዝብ በረቂቅ ሲከታተለው እንደቆየ የምትዘነጋው ኣይመስለንም።

ይህ በእንዲህ እንዳለ፡ ላኣለፉት ሁለት ሳምንታት በኤርትራ መንግስት በኩል ምንም እንደማይመለከተው ድምጹን አጥፍቶ በመቆየት፡ ለኤርትራ ነጻነትና ድንበሯን ላለማስደፈር ለወደቁት የሰማእታት ቀን ሰኔ 20 ኣጋጣሚን ተጠቅሞ: ፕረዝደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ባደረገው ንግግር ላይ፡ የኢትይጵያን የሰላም ጥሪ በወግ እንደተቀበለው ሲገልጽ፡ በዚህ ጉዳይ ለመነጋገር መልእክተኞቹን በወግ ወደ ኢትዮጵያ እንደሚልክ አስታውቋል።

በዚህ የተነሳ፡ የኢትዮጵያ መንግስት ከኤርትራ መንግስት ተወካዮች ተገናኝቶ ሲነጋገር፡ ከታች የተዘረዘሩትን ጉዳዮች ኃላፊነት በተሞላበት መንገድ እንዲያያቸውና፡ በሚወሰዱት ውሳኔዎችና ስምምነቶች ሁሉ ለኤርትራና ለኢትዮጵያ ህዝቦች በሰላም መረጋጋት ዋስትና ያተኮረ፡ የሁለቱም ህዝቦች ጥቅም የሚያስቀድም እንዲሆን፡ ካለን

ጥልቅ ምኞት የተነሳ፡ እንዚህ ከታች የተገለጡት እጅግ በጣም አስፈላጊ ጉዳዮች እንድትረዱልን በጥብቅ እንማጸናለን።

1. በኤርትራ ውስጥ ያለው መንግስት አገሪቷን የሚመራበት ሕገ መንግስት፥ ለትልልቅ ሃገራዊ ጉዳዮች የሚወያይ ሆነ የሚወስን የተደራጀ ሃገራዊ ጉባኤ (parliament) የሌለውና፡ ማንኛውም የሃገሪቱ ትልልቅ ጉዳዮች በአንድ ሰውና እንዲሁም ኃላፊነት በማይሰማቸው ግለሰቦች ብቻ እንደሚወሰን። ኤርትራ ሉኣላዊነቷን ካረጋገጠችበት ዓመት 1993 ጀምሮ እስከ አሁን ድረስ፡ ያለ ኃገራዊ ምርጫ፡ በአንድ አምባገነን ግለሰብና፡ በአንድ ፓርቲ ብቻ እየተዳደረች እንደቆየችና፡ በዚሁ ሁኔታ እየቀጠለች እንዳለች በመረዳት፡ በሁለቱም ሃገሮች ድንበር ላይ በሚመለከት ጉዳይ ለምታካሂዱት ግኑኝነት፡ ለሁለቱም ሃገሮች መልካም ጉርብትና የማይጎዳ እንዲሆን እንማጸናለን።

2. የኤርትራ መንግስት ብመጀመሪያ የነጻነት ኣመቶች፡ ኢትዮጵያ ውስጥ ባገኘው ነጻ እድል ተጠቅሞ፡ በኤርትራ የነጻነት ትግል ጊዜ ትግሉን ትተው ወይ ከትግሉ ተገልለው ወይ ተቃውመው ኢትዮጵያ ውስጥ በኣዲስ ኣበባና የተለያዩ ከተማዎች በሰላም ሂወታቸውን ሲመሩ የነበሩትን፡ በትውልዳቸው ኤርትራ የሆኑትን ብዙ ሰዎች፡ ከየቦታቸው እያፈነ፡ ለመግድያ ለማሰቃያና ለመቅበርያ የሚሆን በድብቅ በተከራየው (Safe houses) እንዲገቡ ኣስገድዶ ከዛ ገድሎ ብስውር መቃብር ቀብሯቸዋል።

በኤርትራ ባለው ኣስከፊና ኣሰቃቂ ኣስተዳደር የተነሳ ዛሬም ቢሆን ብዙ ኤርትራውያን የሚወዷትን ኣገራቸውን ወደ ኋላ ትተው ወደ ስደት ያመሩና ኣሁንም እያመሩ ናቸው። ስለዚህ ኢትዮጵያ ውስጥ ያሉት ኤርትራውያን ህይወት ኣደጋ ላይ እንዳይወድቅ፡ ያለፈው ኣሰቃቂ ስህተት እንደገና እንዳይደገም፡ የኢትዮጵያ መንግስት በኣገሩ ጥገኝነት ጠይቀው የሚኖሩ ኤርትራውያን ስደተኞች፡ የሰብኣዊ መብት ተከራካሪዎች፣ ፖለቲከኞች ህይወት ኣደጋላይ እንዳይወድቅ ልዩ ጥበቃና ክትትል እንዲደረግላቸው ብጥብቅ እንጠይቃለን።

3. በመጨረሻም፡ በትግርኛ ኣባባል "እስኻ ክትድቅስ ሰብካ ይደቅስ" "ኣንተ እንድትተኛ ወገንህ ይተኛ" እንደሚባለው፡ የኢትዮጵያ ህዝብ በዴሞክራሲ ሲተዳደር፡ ኑሮውና ሂወቱ ሰላምና እርጋታ ሰፍኖት፡ ውጤቱ ደግሞ ወደ ቀጣይ እድገትና ብልጽግና እንዲራመድ ከተፈለገ፡ በተመሳሳይ ሁኔታ በጎረቤቶቹ ሃገሮች ላይ ሰላምና እርጋታ ሲነግስ ነው። በዚህ መልኩ ስንመለከተው፡ የኤርትራ ህዝብ፡ ነጻነት 27 ዓመት ያስቆጠረ ቢሆንም፡ ፍትሃዊ ኣስተዳደር ሳያጣጥም፡ መሰረታዊ መብቶቹ ሳይከበር፡ በሺዎች የሚቆጠሩ ህዝቦቹ በኣሰቃቂ፣ ክ350 በላይ በሚቆጠሩ እስርቤቶች፡ ኮንቴነሮች፣ ጉድጓዶች፡ ገደላ ገደሎች ውስጥ ታስሮ የሚገኝበት፡ የተቀረውም ህዝቧ

ከሃገሪቱ ነጻነት በኋላ ክዳር እስከዳር ክፍት እስርቤት እንድትሆን በኢሳይሳ አፈወርቂ የተፈረደባት ትልቋ እስርቤት ኤርትራ ውስጥ ታስሮ እንዲኖር ተፈርዶበታል።

ስለዚህ ኤርትራውያን በአገራቸው ህዝቡን የሚያገለግል ኣስተዳደር እንዲኖር፣ ሰብአዊ መብቶቹ እንዲከበር፣ የመኖር መብት፣ ሃሳብን የመግለጽ፡ የመጻፍ፣ የሃይማኖት (የእምነት) ነጻነት እንዲኖረው፡ በያሉበት ሆነው ድምጻቸውን እያሰሙ ስለሆነ፡ የኢትዮጵያ መንግስት፡ ለኤርትራውያን ስደተኞች፡ ሰብአዊነትና ደግነት በተሞላበት ርህራሄ፡ እንድያስብላቸውና እንዲንከባከባቸው፡ ሰርተው እንዲኖሩ እንዲፈቅድላቸው፡ ብሰላማዊ መንገድ ኤርትራን ካለችበት ገሃነብ እሳት ኣስተዳደር ኣውጥተው፡ ሰላምና ብልጽግና ለማምጣት ለሚጥሩት ኤርትራውያን ታጋዮች እንዲያበረታታና እንዲደግፍ ኣበርትተን እንማጸናለን።

ዘላቂ ሰላምና መረጋጋትን ለኤርትራና ለኢትዮጵያ ህዝቦች!

የኢትዮጵያ ህዝቦች ምኞትና ፍላጎቱ እንዲሳካ ልባዊ ምኞታችን ነው!

ከኣክብሮት ጋር

ኤልሳቤጥ ጭሩም

ስራ ኣስክያጅ

የኤርትራ ሰብአዊ መብት ተከራካሪ

Human Rights Concern - Eritrea (HRCE)

ለንደን

እንግሊዝ ኣገር

eritrea.facts@gmail.com

www.hrc-eritrea.org